# ናይ ክረምቲ ናይ ክፍቲ ሰዓታት

ካብ ሰሙን 28-31 ምዱባት መውዓሊ ህጻናትን ናይ መዘናግዒ ቦታታን ብሓደ ኽጥርነፉ ኢዮም። ኣብ ማእከል ዝርከብ መዘናግዒ ቦታ ቬነርፓርክ 25 ናይ መውዓሊ ህጻናት ኣገልግሎት ክህብ ኢዩ፣ ከምኡ እዉን ንቆልዑት ኣብ ከባቢ ዳልስላንን ዝኾዱ ኣብ  መውዓሊ ህጻናት ኣብ ብሮላንዳ  ኣብ ሰሙን 28-29 ከምኡ ውን ኣብ ፍሬንደፎርሽ  መውዓሊ ህጻናት ኣብ ሰሙን 30-31 ቦታ መውዓሊ ክዕደሙ ኢዮም።
መውዓሊ ቆልዑ (fritshemmet) ቦታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሆልምኤንገን ናይ መውዓሊ ህጻናት ኣገልግሎት ኣብ ሰሙን 28-31 ክህብ ኢዩ።
ኣብዘን ሰሙናት እዚኣተን ቆልዑት ስድራቤታቶም ዝሰርሑን ዝመሃሩን ናይ ቆልዑት መውዓሊ ቦታታት ክወሃቡ ክሓቱ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ናይ ክረምቲ ግዜ ክፉት ዝኾነ መውዓሊ ህጻናትን/ናይ መዘናግዒ ቦታታትን ዝኸዱ ቆልዑት እቶም ናይ ኩሉ ግዜ ዝኾኑ መምሃራንን ቆልዑትን ጥራይ ዘይኮኑ ካልኦት ካብ ካልእ ዘባታት ዝመጹ መምሃራንን ቆልዑትን ክረኽቡ ኢዮም። እቲ ዝኸፈል ናይ ወርሒ ክፍሊት ከም ናይ ቀደሙ ይኸፈል።

## ምምዝጋብ ንክፉት ናይ ክረምቲ ቦታታት (sommaröppet)

### መን ክምዝገብ ይኽእል?

ናይ ስድራቤታት ስራሕ ከምኡ እዉን ትምህርቲ ግዜ ኣብ ግምት የእቲኻ ቆልዑት ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዘለዎምን ኣብ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ዝኸዱ ናይ ሓጋይ ክፉት ቦታታት ዘድልዮም ክምዝገቡ ይኽእሉ። ኣብ ሰምንታት 28-31 እንድሕር ናይ ቦታ ክትሕዝ ኣድልዩካ ምዝገባ ናብቲ ናይ ሓጋይ ክፉት ቦታ ብዲጂታል ክምላእ ኣለዎ። ስራሕ ኣብ ምድላይ ንዘለዉ እዉን ናይ ስራሕ ምስክር ወረቐት ብምርኣይ እዚ ቦታታት ናይ ቆልዑት መጽንሒ ይፍቀድ ኢዩ።
**ብሓፈሽኡ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝኸዱን ስድራቤታቶም ዕረፍቲ ንዝኾኑን ኣብ እዚ ናይ ሓጋይ ክፉት ቦታታት መውዓሊ ህጻናትን/መዘናግዒ ቦታታትን ናይ ምኻድ ዕድል ኣይወሃቦምን ኢዩ። ኣብ ሰሙናት 28-31 ወላ ሓደ መእተዊ ሓበሬታ ንቆልዑት ኣይወሃብን ኢዩ።**

### ተመልክተሉ ግዜ

**ዞባ ቬነርሽቦሪ ናይ ክረምቲ ክፉት ቦታታት ንመውዓሊ ህጻናትን/መዘናግዒ ቦታታትን ክዕድም እንክሎ "ምልክታ ንናይ ክረምቲ መውዓሊ ህጻናትን መዘናግዒ ቦታታትን" እንተደንጎየ 31 ግንቦት 2025 ምስ ዝምላእ ይኸዉን።**
**ምእንቲ ንናይ ስራሕ መደብ ክንሕንጽጽ ናይ ቆልዑትኩም ዝኸድሉ ሰዓታት ናይ ግደን ኣብ ኣፕ InfoMentor Hub ክትጽሕፉን ከተፍልጡን ይግባእ።**

### መልሲ ብዛዕባ ቦታ

ቆልዓኻ መልሲ ብዛዕባ ቦታ ኣብ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ምስ ተፈቒደሉ ከም ዝተፈቐደሉ ዝነግር መልእኽቲ ናብ ስድራቤት ይለኣኽ። ኣብቲ ቦታ ከም ዝተፈቐደሉ ዝነግር መልእኽቲ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ክረምቲ ንጥፈታት፣ ኣብ ኣየናይ ክፍሊ እቲ ቆልዓ ከም ዝበጽሖን ከምኡ እዉን ምስቲ ኣሃዱ ናይ መራኸቢ ሓበሬታ ይርከቦ።

**እንድሕር ናይ ቦታ ኣድላይነት ዘይቅጽል ኮይኑ ንናይ ኮሙን ኣመሓደርቲ እቲ ቦታ ከም ዘየድልየኩም ሓብሩ።**

**ናይ ቆልዑትን ቤት ትምህርትን ምምሕዳር**

| ኣድራሻ | ቦታ | ቁጽሪ ስልኪ | ኢ፡መይል | መርበብ ሓበሬታ |
|---|---|---|---|---|
| 462 85 Vänersborg | Sundsgatan 29 | 0521-72 11 04 | barnutbildning@vanersborg.se | www.vanersborg.se |

## ፕሮግራም መደብ

ናይ ቆልዑትኩም ዝኸድሉ ሰዓታት ኣብ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ኣብ ኣፕ InfoMentor Hub ክጽሕፉን ክምዝገብን ኣለዎ።

• እንድሕር ስድራቤታት ዝሰርሑ ወይ እዉን ዝመሃሩ ኮይኖም ካብ ናይ ስራሕን/ትምህርትን ሰዓታት ብምምርኳስ እንኮላይ ናይ መንገዲ ግዜ ኣብ ግምት ብምእታው እቲ መደብ/ፕሮግራም ክጸሓፍ ኣለዎ።

• እንድሕር ስድራቤታት ንሓጺር ግዜ ግዝያዊ ዝሰርሑ ኮይኖም ሓደ ዓይነት መምርሒ ከም ናይ ዝሰርሑ ወይ እዉን ዝመሃሩ ኮይኖም ካብ ናይ ስራሕን/ትምህርትን ሰዓታት ብምምርኳስ እንኮላይ ናይ መንገዲ ግዜ ኣብ ግምት ብምእታው እቲ መደብ/ፕሮግራም ክጸሓፍ ኣለዎ።

## ብኩራትን ዕረፍትን

ሕማም ይኹን ካልእ ዓይነት ብኩራት ብኣፕ InfoMentor Hub ወይ ከኣ ብቐጥታ ናብ ናይ ሓጋይ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ይሕበር።

ናይ ርክብ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሓጋይ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ከም ዝተፈቐደሉ ዝነግር መልእኽቲ ተጽሒፉ ይርከብ። ሓደ ካብ ስድራቤት ወይ ዕረፍቲ ምስ ዝወስድ ወይ እዉን ብካልእ ዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ዘዕርፍ (ንኣብነት ፍቕድ ወሲድካ ምስ እትዕርፍ) ቆልዓ ኣብ ናይ ሓጋይ መውዓሊ ህጻናት/መዘናግዒ ቦታ ክኸይድ ኣይፍቀደሉን።

## ናይ ስራሕ ንጥፈታት ኣብ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ሰዓታት

ወለዲ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዝሰርሑ ሓደ ዓይነት መመዝገቢ ብዲጂታል ይጥቀሙ።

## ክትረኽቡና ምስ ትደልዩ

ኣመሓደርቲ ናይ ቦታትት ንሕቶታትኩም ክምልሱ ተኽእሎ ኣሎ

ናይ ተሌፎን ሰዓታት

ሰኑይ - ረቡዕ ከምኡ እዉን ዓርቢ ካብ ሰዓት 10.00 - 12.00

ቁጽሪ ስልኪ: 0521-72 14 79

ኢ-መይል: barnomsorg@vanersborg.se

እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ሓጋይ ናይ ክፍቲ ሰዓታት፣ ኣብ ናይ ምምሕዳር ከተማ መርበብ ገጽ ሓበሬታ www.vanersborg.se ክትረኽቦ ትኽእል።